# <u>ጥር ኢልካስ ዓዋተ ! </u>ኣይከብደኩምን`ዶ ?!

ምስ ምብቃዕ 2ይ ውግእ ዓለምን ምስዓር ጥልያንን፡ ክንጸር ዝጀመረ ኤርትራዊ ጂኦ ፖለትካዊ መንነት፡ ነዞም ዝስዕቡ ተጻይ ሓይልታት ንኽገጥም ግዱድ ነይሩ።

1- ናይ ሃይለ ስለሴ ናይ ሙግባጥ ባህጊ

2 - ናይ ብርጣንያ ንኤርትራ ኣብ 2 ምምቃል እማመ

3 - ብዙሕ ሓይሊ ዘይነበሮ ደሓር ምስ ኣንድነት ዝወገነ ባህጊ ትግራይ ትግሪኚ

4 - ተጻብኦ ምዕራብ ንምቋም ነጻ ሃገር ኤርትራ

ኩሎም እዚኦም ብንጽል ይኹን ብሓባር፡ ህዝቢ ኤርትራ ንክገጥሞም ዘኽእሎ ሓይሊ ከም ዘይብሉ 100% ርግጸኛታት ነይሮም።

ብመንጸር ናይዚ ኸኣ፡ ሰብ ፖለትካ ደምበ ናጽነትን ዓዋተን ከኣ ፡ ክዕወቱ ምዃኖም፡ ኤርትራ ሓደ መዓልቲ ነጻ ሃገር ክትክትከውን ምዃና ኣብ ግብ ዝበለ ጸላም እናሃለዉ ይረኣዮም ነይሩ። (1961-1991)

ሎሚ ንሓደ ባእታ ካብ `ቶም ኣብ ጸላም ስለ ዝርእዩ ! ነቲ ጽንኩር ጉዕዞ ዝጀመሩ ባእታታት መሪጸ ገለ ክብል `የ ።

<u>ሓምድ እድሪስ ዓዋተ።</u>

ነዚ ባእታ ዘምረጸኒ ኸኣ ፡ ሎሚ ቅኔ ብምኽንያት ባሕቲ መስከረም `ዩ እመስለኒ፡ ገለ ኣዚዮም ናእሽቱ ፡ ብኹሉ መዔቀኒታት ናኣሽቱ ዝኾኑ ገለ ሰባት። ንታሪኽ ዓዋተ ከቆናጽቡ ምስ ሰማዕኩ ፡ ዋላ`ኳ ኣብዚ ዘመና ዝኾነ ኣልገፊፍ ብንጽል ወይ ተጎራቢቱ ኣብ መድያ ክዕንድር ከምዝኽእል ፡ መድያ ሎሚ ከምቲ ናይ ቀደም ጽያፎም ዝኸተቱ ፡ ፍልጠቶም ዘነጸሩ ዝተመርመሩ ዝስርሕሉ ከም ዘይኮነ ፡ እፈልጥ እንተኾንኩ

ነዞም ከምዚኦም መልሲ ምሃብ የድል`ዩ ኣየድልይን`ዩ ዝብል ጉዳይ፡ ምስቲ ኣካታዒ ምዃኑ ፡ ኣነ ግና ንርእሱ ባሕቲ መስከረም ገለ ከይበልኩ ስለ ዝሓለፈኒ ፡ ምስኡ ኸኣ ንበዓል ጂጅ ማጂጅ ወሲኸ ብሓንቲ እምኒ 2 እንተወቃዕኩ`ለ ፡ ነቲ ዓቢ እምኒ ካልዕል`የ ። ንዓወተ ፡-

- ንሓበረታ ዝኣክል ምምስራት ጀብሃን ምእዋጅ ብረታዊ ቃልስን በበይኑ እዋን`ዩ፡ ምምስራት ጀብሃ 1960 ኣብ ካይሮ ብገለ ኣባላት መንግስቲ ኤርትራ ዝነበሩ ከም በዓል ሸኽ እድሪስ መ / ኣደም፡ ከም ኣብ ካይሮ ዝነበሩ ተማሃሮ ከም በዓል ዶክተር ጣሃ መ/ ኑር ዓብዱ ....... ፡ እድሪስ ግላውደዎስ ወዘተ እዩ። ብረታዊ ቃልሲ ዝተወጀሉ ኸኣ ብ 1961 ኣብ ሜዳ ኤርትራ`ዩ።

- ዓዋተ ዋላ`ኳ እቲ ተጽዕኖ ህዝብን ፡ ጸጥታዊ ተጽዕኖ ጸላእን ንምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ኣብ ባሕቲ መስከረም 1961 ንኽከውን ክቅበል እንተገበሮ ፡ ንብረታዊ ቃልሲ ምጅማር ዘይተማለኤ ሮቋሒታት ከም ዘሎ ግና የነጽር ነይሩ`ዩ።

- ዓዋተ ንቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ <u>ነፍሱ ፡ ብረቱ ፡ ዝነበሮ ተፈታውነት ፡ ጽቡቅ ሽሙን ህዝባውነቱን</u> ሕዙ`ዩ ተሓዊስዎ ።

- ዓዋተ ቅድሚ ብረታዊ ቃልሲ <u>ነቶም ሓንሳእ ንመረብ ሓንሳእ ንተከዘ ሰጊሮም ኣሓ ዝዘምቱ ሽፋቱ</u> ስሞም`ዩ ነይሩ።

- ነቶም ኣብ ኤርትራን ሱዳንን ዝነበሩ ኤርትራውያን ፖሊስ ዓሳክር ብዕጥቂ ሰብን ብረትን ክሕግዝዎ ጻዊዒት ይገብር ነይሩ ። ሰማዕቲ ኸኣ ረኺቡ`ዩ

- ጻዊዒቱ ፍሬ እናሃበ ምስ ከደን ቁጽሪ ተጋደልቲ ከባቢ 20 ሰባት ምስ በጽሔ ብድምጺ ተጋደልቲ ዝተመርጸ ፡ ምክትሉ ባዕሉዝመርጽ ወተሃደራዊ መራሒ ኣብ ምምራጽ መድረኽ ኣብጸሖ

- እዚ በዓል ዝና ተባዕ ተጋዳላይ እዚ ኩሉ ቁምነገር ኣብ ሓደ ዓመት ዘይመልእ እዋን`ዩ ኣረጋጊጽዎ። ኣብ 1962`ዩ ተሰውኡ ። (ንብዙሕ ምኽንያታት ከኣ መስዋእቱ ኣብ እዋኑ ኣይተነግረን)

- ዓዋተ መራሒ ሰራዊት ሓርነት ኮይኑ ምስ ተመርጸ ፡ ምክትሉ ክኸውን ዝተሓርየ ተጋዳላይ መሓመድ እድሪስ ሓጅ ከኣ ኣብ 1963 ኣብ ውግእ ዓንሰባ ተሰውአ።

- ቀዳሞት ተጋደልትና ኣብ ውሽጢ 5 ዓመት (1961 - 1965) ብዝተፈላለየ ምኽንያት ብገምጋም ሓደ መራሒ ኣብ ዓመት እናሰውኡ`ዮም ንቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ደው ኣቢሎሞ !

- ደሓር ከኣ ሓደ ን30 ዓመት ብዘይ ቁምነገር ዝግዕር ሰብ ፡ ነቶም ኣብ 3 ዓመት ፡-

* ንመጋጥምቶም ሓይሊ ፓሊስ ዘሰዓሩ

* * ሃይለ ስላሴ ነቲ ዝምካሓሉ ዝነበረ ፡ ኣብ ውግእ 2 ኮርያ ግደ ዝነበሮ ስሩዕ ሰራዊቱ ከም መተካእታ ናይ ፖሊስ ኮይኑ መጋጠምቲ ተጋደልቲ ክገብሮ ዘገደዱ።

* * * ኣብ ውግእ ተጎርባ ( 3 / 1964) ብመስዋእቲ 19 ተጋደልቲ ብሞት 84 ዝኾኑ ጦር ሰራዊት ብምፍጻም ንኢትዮጵያ ንኣንድነታውያን ንእስራኤል ንምዕራብ ዘሰምበዱ ፤ ጅግና ተጋዳላይ መሓመድ ዓሊ እድሪስ (ኣቡ ርጀላ) ዝመሮሖ ።

ብሰንኪ`ዚ ኸኣ ማዕከናት መጽናዕቲ ምዕራብ ብዘጽነዕዎ መጠን፡ ሰውራ ኤርትራ ብፖሊስን ጦር ሰራዊትን ስለ ዘይተኻእለ፡ ብ ጸረ ገድሊ anti revolution ንሰብን ገረብን ኤርትራ ዝፈልጥ ሓይሊ ገርካ ንምድምሳሱ፡ እስራኤል ኮማንዶስ ክትምልም ዝገበሩ ጥራሕ ዘይኮነስ ፡ንዝበዝሑ ኮማንዶስ ኣነቃቅሖም ናብ ሰውረኦም ከም ዝጽንበሩ ዝገበሩ ቀዳሞትና በዞም ቆልዑ ክነኣኣሱ ክትሰምዕ እንኮለኻ ገለ ጌጋ ከምዝነበረ ንጹር`ዩ። ንሱ ኸኣ ፡-

* * * * ሰውራ ኤርትራ፡ ንደቂ ኣንድነት ክንቃለስ ምስ በሉ፡ ብዘይ ገለ ስክፍታ ምቅባሎም ፡ ሹዑ ቁነዕ ነይሩ፡ ክሳብ ሕጂ`ውን ቅኑዕ`ዩ ። እቲ ጌጋ ግና ብመንጸር ናይዚ ንዒላ ኣተሓሳስባ ኣንድነት ንምንጻፍ ዝተወስደ ስጉምታት ዘይምንባሩ`ዩ ። ስለዚ ኸኣ እቲ ጸረር እናበለ ኣብ ዒላ ኣንድነት ክውህለል ዝተሓድገ ጸረ ኤርትራውነት ሕማም፡ ራእስታት ኣንድነት ግዜ መሪጸም እናቀድሑ ነቶም ናኣሽቱ ከምዕጉዎም ዕድል ሂቡ እዩ ።

ሎሚ ንጅግና ስዉእ ዓዋተ ፡ ጽንሕ ኢልካ ኸኣ ንቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ምንእኣስን ዘየድልን ጌጋን`ዩ ነይሩ ንምባል ዝወጣወት ዘሎ ሸነኽ ፡ እቲ ትማሊ ዝተሰዕረ ፡ ኤርትራዊ ጂኦ ፓለትካዊ ዘይዋሓጠሉ ሸነኽ`ዩ።

* * * * * ድሕሪ ተጎርባ 1964 ንስዉእ መሓመድ ብርሃን ነጋሽን ነቲ ብኹሉ እንትንኡ ንተጎርባ ዝመስል ንውግእ ዳንደር 1967 ክንዝክር`ዶ፡ እቲ ኣብ ባርካ እቲ ኣብ ሰራየ፡ …………… ይጽናሓልና ! ! !

AAHafiz 22/9/2023